ዝኸበርካ ብጻይ ተስፋይ፡
ምውቕ ሰላምታ ንዓኻን ንስድራኻን ንኩሎም ኣባላት ማሕበርን።

ጸጺሒካ ኣብ መርበብ ሓበሬታ እተቃልሖ መደባት ማሕበር፡ ኣዝዩ ኣገዳስን ተጠማትን ምዃኑ ክሕብረካ እፈቱ። ዝተፋራረቐ፡ ቅንእን ተስፉን'ዩ ዘስርጽ ኣብ ተኻታተልቲ ውራያትኩም።

ገለ ሓሳባት ፈይ ክነብል፡

1. ሂወትን ምዕባሌን ማሕበር ዝሕብር፡ ቀጻሊ ጽሑፍ እንተዝወጽእ። ብዙሕ ብቕዓትን ክእለትን ድልየትን ካብ ዘለዎ ማሕበር፡ እዚ እቲ ዝወሓደ ክግበር ዝኽእል ኢዩ።

2. መደባት ክካየድ ምዃኑ ይሕበር። ከመይ ከምዝተኻየደ፡ እንታይ ውጽኢት ከምዝተረኽበ ዘይምቕላሕ ግን፡ የታሃራርፈና'ሎ።

3. ኣባልነት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ጥራሕ ከይተሓጽረ፡ ናብዞም ዓዶም ክምለሱ ጌና ዘይተመረቕና'ውን ከጣቓልል ምዃኑ፡ ጽንጽንታ ኔሩና። ከምኡ ድዩ ኔሩ'ቲ ዕላማ? ከምኡ እንተኔሩ እንታይ ሓንኮሎ? ተስፋ'ዶ ከሊእናኩም ኢና? ብወገና ብሃንቀውታ ከምዝተጸበናዮ ንሕብር። ብዙሕ ሰብ ምተመዝገበ። ምተሓጋገዝና።

4. ምስቲ ኣብ ፈለማ ዝተባህለ፡ እዚ ማሕበር'ዚ፡ ናይ ባዕሉ መርበብ ሓበሬት እንተዝፍኑ ኣይምጸበቐን'ዶ?

ጉባኤኹም ዓወት ክጓናጸፍ እናተመነኹ
ብመንፈስ ምሳኹም ኣሎኹ።

ኣልኣዛር ኣብርሃም
ኦክላንድ - ካሊፎርንያ።

1-21-2010